
# DOAVISA

ዱኣቪሳ፡ ኣብ መናድቕ እትልጠፍ ጋዜጣ ኮይና፡ እቶም እትድህስሶ ዛዕባታት ከኣ፡ ኣካላት፡ ስምዒታት፡ ጾታውነትን ክብሪታትካ ምሕላውን የጠቓልሉ። እዚ ኣርእስታት ኣዝዩ ኣገዳሲ እኳ እንተኾነ፡ ገለ ሰባት ግን ብዛዕባ ከምዚ ዓይነት ነገራት ምዝራብ ዘይክብርሆም ይኽእል እዩ። ኣብዚ ፍሉይ ሕታም ናይ ዱኣቪሳ ትኹረት እንህቦ ዛዕባ ኢኮኖሚ እዩ። ሰናይ ንባብ።

## ደሞዝ ተቐበል



## ጸብጻብ ደሞዝ



ደሞዝ። ኣብ ነርወይ ኣብ ወርሒ ሓንሳብ ጥራይ ደሞዝ ክትክፈል፡ ኣዝዩ ልሙድ እዩ። ቀዋሚ ሰራሕተኛ ኹን ወይ ውን ብሰዓታት ጥራይ ተቖጺርካ እትሰርሕ ብዘየገድስ፡ እታ ኣሰራሒኻ ዝሰደልካ ጸብጻብ ደሞዝ፡ ንዝኸፈለካ ዘሎ ደሞዝ፡ ዝሰራሕካዮ ሰዓታት፡ ክፍሊት ስራሕ ኣብ እዋን በዓላት ከምኡ ውን ዝተቆርጸካ ግብርን ዝምልከት ሓበሬታ ዝሓዘት እያ። ጸብጻብ ደሞዝካ ወርሒ-ወርሒ ተቖጻጽር ኢኻ።

**20.000 ክሮነር ነርወይ**

## (ኣብ ማሕፈዳኻ



ሓባራዊ ባንኪ-ሕሳብ ብምኽፋት፡ ኩሎም ዝምልከቶም ወገናት ወርሒ-ወርሒ ገለ ክፋል ደሞዞም ናብዚ ሕሳብ ብምልኣኽ፡ እቲ ዝተኣከበ ገንዘብ ንከም ወጻኢታት ገዛ፡ መግቢ፡ መጎዓዝያን ካልእን ንምሽፋን ከምዝውዕል ይግበር። እዚ ኸኣ ጽቡቕ ሓሳብ`ዩ። እቲ ባጀት ናይ ስድራ፡ ናብ ሰለስተ ክኸፈል ኣለዎ። 50% ንምሽፋን ወጻኢታት ገዛ፡ መግብን መውዓሊ-ህጻናትን ይውዕል። 30% ኸኣ፡ ንወጻኢታት ምዝንጋዕ፡ ስፖርትን ኣውደኣመታትን ንምሽፋን ይምደብ። እቲ ዝተረፈ 20% ከኣ፡ ከምዝጠራቐም ይግበር።

**45.000 ክሮነር ነርወይ**


## (ፋቱራታት



ነቲ ብስሩዕ ዝኽፈል ነገራት ካብ ባንኪ ተሳሒቡ ከምዝኽፈል ምግባር ከምኡ ውን ነቲ ምስ ምምሕዳር ከተማ ዝተተሓሓዘ ፋክቱራታት እትሽፍለሉ ካልእ ፍሉይ ባንኪ-ሕሳብ ክህልወካ ተመራጺ እዩ። ከምዚ ምስእትገብር እቲ ክፍሊት ብስሩዕ ኣብ እዋኑ ክበጽሕ ይኽእል። ከምዚ ዓይነት ክፍሊታት ኣብ እዋኑ ክትከፍሎ ኣለካ። ምኽንያቱ ግዚኡ ዝሓለፈ ክፍሊት ናብተን ክትከፍል ዘስገድዳ ትካላት ኢንካሶ ምስዝሓልፍ ወሳሲኹ ኣዝዩ ልዑል ኮይኑ ይመጸካ።

**5.000 ክሮነር ነርወይ**

## ዓቕብ፡ ገንዘብካ ውን ብግቡእ ተጠቀመሉ



## ኣጽሪኻ ገዓዝ



ወድእ። ሓድሽ ገዛ ብምዕዳግካ እንቋዕ ሓጎሰካ! ናይ ገዛ ውዕል-መድሕን ምእታው ኣይትረስዕ። ንምግዓዝ ብድሮ ተዳሎ። ነቶም ሓደሽቲ ጎረባብቲኻ ሰላም ምባል ኣይትረስዕ።

**1500 ክሮነር ነርወይ**

## ዕድጊ



ነቶም ከም Mattilbud ከምኡ ውን eTilbuds-avis ዝኣመሰሉ ኣፓሊኬሽናት ብምክትታል፡ ኣብ ከባቢኻ ሕስር ዝበለ ኣስቤዛ እትሸምተሉ ድኳናት ከይህሉ ተቖጻጸር። ነጥቢ ብምእካብ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ምሕሳር ዋጋታት ክትረክብ ዘኽእለካ ካርዲ-ዓሚል (ኩጥ፡ ትራምፍ) ምጥቃም ውን ብልሓት እዩ። ካብ ነኣሽቱ ድኳናት ካብ ምሽማት ተቖጠብ። ኣብ ክንዲ`ዚ፡ እትዕድጎ ነገራት ብዝርዝር ብምሓዝ ናብ ዓበይቲ ድኳናት ኣብ ሰሙን 1 ወይ 2 ግዜ ምኻድ ይምረጽ።

**3000 ክሮነር ነርወይ**

## ምጥርቓም ገንዘብ ንመንእሰያት



እቲ እትግልገለሉ ባንኪ ንመንእሰያት መዐደጊ ገዛ ዝኸውን ገንዘብ ከጠራቕም ዕድል ይህበካ እዩ። ከምዚ ዓይነት ምጥርቓም ምስ ግብሪ ዝተተሓሓዘ ሓለፋታት ዘለዎ ኮይኑ፡ ወለዱ ውን ዝምስገን እዩ። ብዕድመ ትሕቲ 34 ዓመት ምስእትኸውን፡ ገዛ ቅድሚ ምግዛእካ፡ እቲ ንመግዝኢ ገዛ ዝኾነ ገንዘብ ኣብ ናይ መንእሰያት መጠራቐሚ ገንዘብ ንመዐደጊ ገዛ ዝኾነ ሕሳብ ከምእትዕቅቦ ግበር።

**3.400 ክሮነር ነርወይ**

## መዋህለል-ሰልዲ



ምጥርቓም። ዝተወሰነ መጠን ገንዘብ ወርሒ-ወርሒ ናብ መጠራቐሚ ሕሳብካ ከምእትውግኖ ግበር። ንምንታይ ተጠራቕም ከምዘለኻ ውን ንጹር ሸቶ ኣቐምጥ። ንኣብነት፡ ውሱን መጠን ገንዘብ ምውህላል ወይ ውን ንዝደለኻዮ ነገር ዝኣኽለልካ መጠን ገንዘብ ምእካብ።

**3.500 ክሮነር ነርወይ**

## ኣቐዲምካ እትኸፍሎ ገንዘብ 15% ናይ ዋጋ ገዛ እዩ



ኣከፋፍላ። ገዛ ንምዕዳግ ካብ ባንኪ ልቓሕ ክወሃበካ መታን ዝተወሰነ ርእሰ-ማል ወይ ውን ገንዘብ ክህልወካ ኣለዎ። ንመጀመርያ ግዜ ገዛ ክትዕድግ እንከለኻ፡ እቲ ባዕልኻ ክትከፍሎ ዘለካ መጠን ገንዘብ 15% ናይቲ ዋጋ ገዛ እዩ። ገንዘብ ምስዝሓጽረካ፡ መበገሲ-ልቓሕ ካብ ሁስባንከን ከምኡ ውን ካልእ ካብ ምምሕዳር ከተማ ክትረኽቦ እትኽእል ሓገዛት ሃሰው በል። ካልእ ክትልቀሓሉ እትኽእል መገዲታት ምህላዉን ዘይምህላዉን ንምፍላጥ ምስ ባንክኻ ተዘራረብ።

## ማስተር-ካርድ ወርቃዊ




ናይ ልቓሕ-ካርድ ክትቐም እንከለኻ፡ ዘህለኽካዮ ገንዘብ ክትመልሶ ስለዘለካ፡ ጥንቅቕ ምባል ከድልየካ እዩ። ናይ ልቓሕ-ካርዲ ወይ ክረዲት-ካርድ ልዑል መጠን ወለድ ዘለዎ ካርዲ ብምዃኑ፡ ክፍሊት ኣብ እዋኑ ካብ ምኽፋል ኣይትደንጉ። ዝከኣል ምስዝኸውን፡ ከምዚ ዓይነት ካርዲ፡ ከም ናይ ኣወዳእታ ኣማራጺ ክትጥቀመሉ ኣለካ።

**25.000 ክሮነር ነርወይ**





## ኮንደሚንዩም



ኣብ መንበሪ-ኣባይቲ ብርኪ ወይ ውን ኮንደሚንዩም ምስእትዕድግ፡ ብመገዲ ኣባልነትካ ኣብ ኮንደሚንዩም ኣቢልካ፡ ዘይቀጥታዊ ወናኒ ናይቲ ዝዓደግካዮ ገዛ ትኸውን። ኣብ ከምዚ ዓይነት ኩነታት፡ ብዛዕባ ሃልኪ ማይ ይኹን ምጽራግ በረድ ምሕሳብ ኣየድልየካን እዩ።

**1.8 ሚልዮን ክሮነር ነርወይ**

## እጀታ



ኣብ ነርወይ ዝተፈላለየ ዓይነታት ዋኒን ኣለዉ። እጀታ ማለት ከኣ፡ ነቲ እትውንኖ ዋኒን ዝምልከት ልዑል ድላይካ ናይ ምግባር መሰል ይህልወካ። ዋግኡ ክቡር እኳ እንተኾነ፡ ወጻኢታቱ ግን ውሑድ ዝበለ እዩ።

**3.5 ሚልዮን ክሮነር ነርወይ**

## ደላላይ



ንመሸጣ ዝተዳለወ ዝተፈላለየ ዓይነታት ኣባይቲ ኣብ ኢንተርነት finn.no ዝብል መርበብ-ሓበሬታ ኣቲኻ ክትረኽቦ ትኽእል። ምስ ኩነታትካን ኢኮኖሚኻን ዝኸይድ ገዛ ንምርካብ ደላላይ ክትውከስ ትኽእል።

**5.000 ክሮነር ነርወይ**

## ሕልሚ-ገዛ



ገዛ ክትዕድግ እንከለኻ፡ ነቲ ትደልዮ ዘለኻ ነገር ኣድቂቕካ ክትሓስበሉ ኣለካ። ገዛ፡ ኣፓርታማ ወይ ውን ገዛ-ሽተማ? ኣብ ማእከል ዓዲ ወይ`ሲ ጥቓ ተፈጥሮኣዊ ከባቢታት ኢኻ ክትነብር እትደሊ? ምስ ኩነታትካ ክኸይድ መታን እቲ ገዛ ስፍሓቱ ክንደይ ክኸውን ኣለዎ?

**3 ሚልዮን ክሮነር ነርወይ**

## ገዛ ኩነታት ክፍቕድ ኣጓክሎ ሕሰቦ






Norske Kvinners Sanitetsforening
KUN
EXTRA STIFTELSEN